## ጋዜጣዊ መግለጺ

### ዓብዪ ስጉምቲ ናብ ፍትሒ፡ ኮሚሽን ኣፍሪቃ ብዛዕባ ግህሰት ኢትዮጵያ ኣብ ትግራይ ዝምልከት ፍሉይ ጉዳይ ሰሚዑ

*ባንጁል፡ ጋምብያ– 8 ግንቦት 2017*

ኣብ ሓያል ድፍኢት ፍትሒ፡ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላትን መሰል ደቂሰባትን ህዝብታት ኣፍሪቃ (ኮሚሽን)፡ ኢትዮጵያ ኣብ ክልል ትግራይ ዘጋጠመን ዝቕጽል ዘሎን ሰፊሕ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ብዝብል ዝኸሰሰ ጉዳይ፡ ብዕለት 08 ግንቦት 2017 ፍሉይ ዝኾነ ኣፋዊ መስርሕ ኣካይዱ። ብተጣበቕቲ ዝተኻፈለ ድምጺ ናይቶም ዝደሓኑ ሰባት ኣብ መወዳእታ ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ተሰሚዑ።ወኪል ካብ መርበብ ሲቪል ማሕበራት ተጋሩ ሐሳቦም ከምዘካፍሉና ፡ *"ጸዕርኹም ነዞም ብህይወት ዝተረፉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቶም ዘይሕሰብ ስቓይ ዝተጻወሩ ሚልዮናት ተጋሩ ተስፋ ዝህብ'ዩ" ኢሉ። "እዚ መስርሕ ፍርዲ ናብ ተሓታትነት ዝወስድ ኣገዳሲ ስጉምቲ እዩ።"*

ኢትዮጵያ ክሳብ ሕጂ ነቲ ብኮሚሽን ኣፍሪቃ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2015 ዘውጽኦ ግዝያዊ ስጉምትታት ከተስተግብር ኣይከኣለትን ፣ ኢትዮጵያ ካብ ፍርዲ ወጻኢ ዝፍጸም ቅትለት፡ ስቅያት፡ ጾታውን ጾታ ዝተመልከቱ ዓመፃት ፡ ከምኡ'ውን ንሰራሕተኛታት ሰብኣዊ ረድኤት ዒላማ ምግባር ከተቋርጽ ዝእዝዝ ግዝያዊ ስጉምትታት ክተፍጽም ኣይከኣለትን። ኣብ ሕዳር 2015 ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት (COHA) ብምፍራሙ ጥሕሰት መሰላት ኣይተዛዘመን።ኮሚሽን ኣብ ቀረባ እዋን ናይ ተጎዳእቲ ድምፂ ብምስማዕ መስርሕ ክቕጽል ዝወሰዶ ውሳነ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማውያን ሰባት ዝፈጸመቶ ከቢድ ጥሕሰት - ካብ ጃምላዊ ቅትለትን ጾታዊ ዓመጽን ክሳብ ግዱድ ምምዝባል፡ ጥሜት፡ ከምኡ'ውን ንነዊሕ እዋን ዝጸንሐ መራከቢ መንገዲ ምዕፃው። ኣህጉራዊ ደረጃ ኣፍልጦ እናዓበየ ከምዝመጸ ዘርኢ'ዩ።

እቲ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2015 ብሊጋል ኣክሽን ዎርልድዋይድ (LAW)፣ ማሕበር ጠበቓታት ፓን ኣፍሪካ (PALU)፣ ከምኡ እውን Debevoise & Plimpton LLP ዝቐረበ ጉዳይ፣ ኣብ መንጎ 2013 ን 2015 ን ኣብ እዋን ግጭት ትግራይ ዝተፈፀሙ ግዳያት ዝውክል እዩ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ፓሉ ዶናልድ ደያ ከምዚ ክብል ገሊፁ፤

*"ኣብ ቀረባ ሕሉፍ ኣብ ሓያሎ ከባቢታት ኢትዮጵያ ሓያሎ ጎንፅታትን ግፍዕታትን ከምዝተፈፀሙ ታዓዚብና ኢና ፤ እቲ ካብ ሕዳር 2013 ጀሚሩ ኣብ ትግራይ ዝተበገሰ ግን እቲ ኣዝዩ ዘስካሕክሕ እዩ ነይሩ። እዚ ኣቤቱታ ሰማዒ እዚ ድማ ብስርዓት ሰብኣዊ መሰላት ኣፍሪካ ነዞም ጎንፅታት ንምፍታሕን ንምእራምን መድረኽ - ከምኡ እውን ቅድመ ኩነት ዘቐምጥ እዩ።"*

ፈጻሚት ዳይረክተር ሕጊ ኣንቶንያ ሙልቨይ ወሲኻ፤

*"እዚ መስርሕ ፍርዲ ሓያል መልእኽቲ ይሰድድ- ንኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነስ ንማሕበረሰብ ዓለም: ግፍዕታት ብስቕታ ክቕበር ኣይኽእልን። ኮሚሽን ኣፍሪቃ ኣቤቱታ ሰማዒ ንምክያድ ዝወሰዶ ውሳነ ፍትሒ ኣገዳሲ ምዃኑ ዘረጋግፅ እዩ። ካብ ግጭት ትግራይ ዝደሓኑ ሰባት ክረኣዩ፣ ክስምዑ፣ ክእመኑ ኣዝዩ ነዊሕ ተፀቢዮም እዮም።"*

ሎሚ ንገበነኛታት ተሓተትቲ ንምግባርን መብጽዓ ኣህጉራዊ ሕጊ ሰብኣዊ መሰላት ደጊምና ንምርግጋጽን ኣህጉራዊ ሰብኣዊ ሕጊ ንምኽባርን ኣገዳሲ ስጉምቲ ንወስድ ኣለና"።

ክሪስተል ታም፡ ተሓጋጋዚት ኣብ ደቤቮይስ ኤንድ ፐሊምፐተን፡ ከምዚ ኢላ፤

*"ናይ ሎሚ መስርሕ ፍርዲ ግዳያት ተጋሩ ድምጾም ብሓደ ካብቶም ፍሉጣት ኣካላት ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኣፍሪቃ ክስማዕ ዝኽእል ዕድል ኮይኑ፡ ትርጉም ዘለዎ ተሓታትነት ንምርግጋጽ ግን ብዙሕ ስራሕ ይተርፍ።"*

ኮሚሽን ኣፍሪቃ ኣብ ግዚኡ ውሳነ ክህብ ትጽቢት ይግበር። እቲ ናይ ሕጊ ጉጅለ ፍትሒ ኣፍልጦ ምሃብ ክስዕብ ከምዘለዎ ኣስሚሩሉ።

ንናይ ሚድያ ሕቶታት፡ ምስ groh@legalactionworldwide.org

secretariat@lawyersofafrica.org ተወከሱ

መተሓሳሰቢ ን ኢዲቶሪያል

LAW ኣብ በቀሊሉ ዝፈራርስ ኩነታትን ግጭት ዝተሃስዩን ከባቢታት ዝሰርሑ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ጠበቓታትን ክኢላታት ሕግን ዝሓቖፈ ናፃን ንመኽሰብ ዘይሰርሕን ትካል እዩ። ሕጊ ኣብ ኣፍሪቃ፣ ማእከላይ ምብራቕን ደቡብ ኤስያን ግህሰትን ሰብኣዊ መሰላትን ንዝተፈጸመ ግዳያትን ማሕበረሰባትን ሕጋዊ ሓገዝ ይህብ።

ማሕበር ጠበቓታት ፓን ኣፍሪቃ (PALU) ኣብ ኣፍሪቃ ንዝርከቡ ውልቀ ጠበቓታትን ማሕበራት ጠበቓታትን ኣፍሪቃ፡ ካብ ሴክረታርያኡ ኣብ ኣሩሻ ታንዛንያ ዝሰርሕ ቀዳማይ መድረኽ ኣባልነት ኣህጉር እዩ። ፓሉ ኣብ 1995 ብመራሕቲ በር ኣፍሪቃን ፍሉጣት ጠበቓታትን ዝተመስረተት ኮይኑ፡ ባህግታትን ስክፍታታትን ህዝቢ ኣፍሪቃ ንምንጽብራቕን ናይ ሓባር ረብሓታቶም ንምድንፋዕን ንምክልኻልን እዩ። ኣባልነቱ ኣብ መላእ ኣፍሪቃን ኣብ ዲያስፖራን ዝተዘርግሑ ልዕሊ ሓሙሽተ ዞባዊ ማሕበራት ጠበቓታት ኣህጉር፡ ልዕሊ 54 ሃገራዊ ማሕበራት ጠበቓታትን ውልቀ ጠበቓታትን ዝሓቖፈ ኮይኑ፡ ንሕግን ሞያ ሕጊን፡ ግዝኣተ ሕጊ፡ ሰናይ ምምሕዳር፡ ሰብኣው ናይ ህዝቢ መሰላትን ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለን ኣህጉር ኣፍሪቃ ንምስጓም ብሓባር ይሰርሑ።

Debevoise and Plimpton LLP ዋና ቤት ጽሕፈቱ ኣብ ኒውዮርክ ዘለዎ ዓለማዊ ትካል ሕጊ ኮይኑ፡ ሰፊሕ ህዝባዊ ኣህጉራዊ ሕጊ ዝሰርሕ ኮይኑ፡ ኣብ ቅድሚ ዞባውን ኣህጉራውን ኣብያተ ፍርድን ቤት ፍርዲን ንውድባት ምውካል ሓዊሱ ይሰርሕ። ደበቮይስ ኣብ ኣብዚ መስርሕ ፍርዲ ምስ LAW ብዘይ ክፍሊት ብነፃ ዝሰርሕ ጠበቓ ሕጊ እዩ።